**HERTFORDSHIRE**
Modern Slavery Partnership

**<u>Instruction to Professionals:</u> Please check that the individual presenting is able to <u>read</u> and do <u>not</u> let them take this flyer home with them. If you do, you are potentially putting them *<u>at risk</u>*.**

# ሓገዝ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ (UK) ይምዝመዙ ንዘው ዓበይቲ/ዕብይ ንዝበሉ ቈልዑ (16-18 ዓመት ዝዕድመኦም)፥- በራሪ-ወረቐት ሓበሬታ

## ብኽብረትካ/ኪ ነቶም መምርሒታት ኣንቢብኩም ተኸተሉዎም።

## ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ኣብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ትምዝመዝ ከምዘለኻ ይሕሰብ፥-

- ናይ ዝሰራሕካዮ ዋላሓንቲ ክፍሊት ተዘይረኺብካ ወይ ድማ ትሑት ደሞዝ ትኽፈል እንተ ድኣ ኣለኻ፡ ከምኡ'ውን/ወይ ካብ መጠን ንላዕሊ ነዊሕ ሰዓታት ትሰርሕ እንተ ድኣ ኣለኻ።
- ዝኾነ ሰብ ንገንዘብካ ይወስዶ እንተ ድኣ ኣሎ።
- ክትሰርሕ ወይ ጾታዊ ርክብ ክትፍጽም እንተ ድኣ ተገዲድካ።
- ምርኮ ወይ ኣንጻር ድሌትካ እንተ ድኣ ተታሒዝካ።
- ካብ መንበሪኻ ክትወጽእ ዘይትክእል እንተ ድኣ ኴንካ፡ ወይ ዝከታተለካ ሰብ ኣሎ እንተ ድኣ ኾይኑ ከምኡ'ውን/ወይ ናጻ ኴንካ ክትንቀሳቐስ ዘይትኽእል እንተ ድኣ ኴንካ።
- ንዝፍክረልካ፡ ዘፈራርሓካ፡ ዝጐድኣካ ወይ ስራሕ ኮነ ካልእ ዘይትደልዮም ነገራት ክትሰርሕ/ክትገርብር ንዘገድደካ ሰብ ክትሰርሓሉ ናብ ዓባይ ብሪጣንያ እንተ ድኣ ኣምጺኦምኻ ኴይኖም።

## ንዞም ዝስዕቡ መልስኻ "እወ" እንተ ድኣ ኮይኑ ኣብቲ ሳንዱቕ ኣመልክት

- [ ] ኣብ ሓደጋ ዶ ኣሎኻ/ኺ ኢኻ/ኺ?
- [ ] እንተ ተዛሪብካ/ኪ ድሓን ድዩ?
- [ ] ሓገዝ የድልየካ/ኪ ድዩ?
- [ ] ኣስተርጓሚ ወይ ጠበቃ የድልየካ/ኪ ድዩ?

## ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልስኹም "እወ" እንተ ድኣ ኮይኑ ምናልባት ትምዝመዙ ኣለኹም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ብኽብረትኩም ኣብቲ ይምልከተኒ ኢዩ ትብሉዎ ምልክት ግበሩ፡

- [ ] ብውሑድ ወይ ብዘይ-ገለ ክፍሊት ክትሰርሕ ዶ ትግደድ ኣለኻ ኢኻ/ኣለኺ ኢኺ?
- [ ] ትሰርሕ እንተ ድኣ ኣለኻ ኴንካ፡ ንሰዓት ካብ £7 ንታሕቲ ዶ ትኽፈል ኣለኻ ኢኻ/ኣለኺ ኢኺ?
- [ ] ኣብ ሰሙን ካብ 48 ሰዓታት ንላዕሊ ዶ ትሰርሕ ኣለኻ ኢኻ/ኣለኺ ኢኺ?
- [ ] ጾታዊ ተግባራት ክትፍጽም/ሚ ትግደድ ኣለኻ/ኺ ዲኻ/ኺ፡ ከም ስራሕ ኮነ ንውልቀ-ሰብ?
- [ ] ኣብ ኣዝዩ ረሳሕ ወይ ጠፋሽ ኩነታት ዶ ትነብር ኣለኻ ኢኻ/ኣለኺ ኢኺ?
- [ ] ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ካልኦት ሰባት ዶ ኣለኻ ኢኻ/ኣለኺ ኢኺ? (ሓደ-ሓደ ግዜ እቲ ሰብ ዘመድ፡ ዓርኪ፡ ወይ መጻምድቲ ክኸውን ይኽእል'ዩ።)

For more information on human trafficking/modern slavery and additional resources, please consult the Hertfordshire Modern Slavery Partnership website: www.stopexploitationherts.org.uk/professionals/professionals.aspx.

OPERATION TROPIC · HERTFORDSHIRE CONSTABULARY · modern slavery helpline · THE SALVATION ARMY · SHIVA FOUNDATION · Hertfordshire · beacon

- [ ] ናይ መንነትካ ሰነዳትካ ወይ ዝኾነ ካልእ ክቡር ናውቲ ተሓዲግካ ዲኻ/ተሓዲግኪ ዲኺ?
- [ ] ሎሚ እንተ ድኣ ሓጊዘካ/ኪ፡ ኣባኻ/ኺ ወይ ኣብ ስድራኻ/ኺ ዘውርዶ ዝኾነ ሳዕቤን ይህሉ ዶ?
- [ ] እገለ ንዓይ ወይ ንስድራይ ክጐድኣኒ(ና) ኢዩ ብዝብል ሓሳብ ትጭነቅ ኣለኻ ዲኻ/ኣለኺ ዲኺ?
- [ ] ዝተዓደኻሉ ሰብ ኣሎካ/ኪ ድዩ? ወይ ገንዘብ ዝእውደካ/ኪ ሰብ ኣሎ ድዩ?
- [ ] ገንዘብካ/ኪ ገለ-ሰብ ይውሰድልካ/ኪ ኣሎ ድዩ?
- [ ] ካልእ ጸገም ኣሎኒ።

## ፍርሒ፡ ዓቕሚ-ኣልቦነት ወይ ብሕታውነት ክስምዓካ/ኪ ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ ግን፡ ሓገዝ ኣሎ፡ መሰላትን ኣማራጺታትን ከኣ ኣሎካ/ኪ።

**ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ሓደ ሰብ ዝተመዝመዘ ኮይኑ እንተ ድኣ ተረኺቡ ካብ መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ውልቃዊ፡ ስምዒታዊ ፡ ሕክምናዊ ክምኡ'ውን ግብራዊ ሓገዛት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። እዚ ሓገዝ እዚ ብዝተፈላለየ መልክዓት ክወሃብ ይኽእል፡ ነዞም ዝስዕቡ ክኣ የጠቓልል፡-**

- ውሑስ ዝኾነ ግዝያዊ መንበሪ ክርከበልካ/ኪ ምግባር።
- ሕክምናዊ ክንክን ብዝምልከት ሓገዝ ክትረክብ/ቢ ምግባር።
- ንዝዘጋጠሙኻ/ኺ ሕማቕ ተመኲሮታት ኣብ ምብዳህ ዝሕግዘካ/ኪ ሰብ ክህልወካ/ኪ ምግባር።
- ብእንግሊዝኛ ንኽትረዳዳእ ዝሕግዝ (ኣስ)ተርጓሚ ክወሃበካ/ኪ ምግባር።
- ሓለዋ።
- ብሕታዊ ሕጋዊ ምኽሪ።
- ንዕለታዊ መነባብሮ ዝኾኑ ክፍሊታት።

**ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፡- ሓደ-ሓደ ግዜ ነዞም መሰላት እዚኣቶም ደረት ኣሎዎም።**

### ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ሰራሕተኛ እንተ ድኣ ኴንካ/ኪ፡ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ይህልዎኻ/ኺ፡-

1. ክፍሊት ብውሕዱ £8.91 ኣብ ሰዓት ዕድመኻ/ኺ ካብ ካብ 23 ዓመት ንላዕሊ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ £8.36 ኣብ ሰዓት ካብ 21-22 ዓመት፡ ከምኡ'ውን£6.56 ኣብ ሰዓት ዕድመኻ/ኺ ካብ 18 ክሳብ 20 ዓመት እንተ ድኣ ኮይኑ/ና።
2. ኣብ ሰሙን እንተበዝሐ 48 ሰዓታት ናይ ምስራሕ፡ተወሳኺ-ግዜ ሓዊሱ ተደሚሩ ማለት እዩ።
3. ኣብ መዓልቲ ካብ 6 ሰዓታት ንላዕሊ ትሰርሕ/ሒ እንተ ድኣ ኴንካ/ኪ፡ ብውሕዱ ናይ 20 ደቓይቕ ዕረፍቲ ኣብ መንጎ ስራሕ።
4. ክኣብታ ስራሕ ዝጀመርካላ/ክላ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ዓመት እንተ-ወሓደ ናይ ሒደት ሳምንታት ደሞዝ ዘይቁረጾ ዕረፍቲ።
5. ንናይ ስራሕ ቦታ ንጥዕናን ድሕነትን ዝምልከት ሓበሬታ፡ ስልጠና፡ መከላኸሊ ኣልባሳት ከምኡ'ውን ዝኾኑ መተካእታታት ብናጻ ናይ ምርካብ፡ ከከም ግቡእነቱ።
6. ካብ 1 ወርሒ ንላዕሊ ስራሕ እንተ ድኣ ተቘጺርካ/ኪ፡ ዝርዝር ኲነታት ውዕል ስራሕ ብጽሑፍ ይወሃበካ/ኪ።
7. ክፍሊት ኣብ እዋን ሓማም፤ ዝርዝር ብዛዕባ'ዚ ኣብ ናይ ስራሕ ውዕልካ/ኪ ይግለጽ

For more information on human trafficking/modern slavery and additional resources, please consult the Hertfordshire Modern Slavery Partnership website: www.stopexploitationherts.org.uk/professionals/professionals.aspx.